# *ብምኽንያት ለበዳ ኮቪድ-19*
# *ንህዝብና ዝግበር ሓገዛት ዝምልከት መግለጺ*

ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ዘካይድዎ ዘለዉ ቀጻሊ ናይ ተወሃሂድካ ምስራሕ ዝዓለመ ዘተ ብዕምቆት እናተራዳድኡ ይኸዱ ምህላዎም ክንሕብር ደስ ይብለና። ብዛዕባ ንዓለምና ለቢዱ ዘሎ ሕማም ኣመልኪትና ናይ ሓባር መግለጺ ኣውጺእና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ዝተፈላለዩ ነዚ ጉዳያት እዚ ኣልዒሎም ዝተፈላለየ ናይ ባንኪ ሕሳባት/ኣካውንታት ከፊቶም ዘለዉ ሲቪካዊ ማሕበራት ብቐረባ ድሕሪ ምዝታይ ከኣ ወከልቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ናይ ምያዝያ 14, 2020 ኣብ ዝገበርናዮ ስሩዕ ኣኼባ ከምዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፍና ኣሎና።

1. ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይ በይነን ማሕበርን ኣካውንትን ከፊተን ምጉስጓስ ተደራራቢ ስራሕን፣ ኣህላኽን እውን ክኸውን ስለ ዝኽእል ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ ኣባላት ፖለቲካዊ ሓይልታት ኩሉ እንልግሶ ሓገዛት ኣብቲ ኣቐዲሙ ተኸፊቱ ዘሎ ሕሳባት ሲቪካዊ ማሕበራትን ናይ ረድኤት ትካላትን ክወሃብ፣

2. እቲ ብሲቪካዊ ማሕበራት ነቒሉ ዘሎ ዝተፈላለየ ተበግሶታት ከኣ ዋላ'ኳ ንግዚኡ በብዘለውዎ ሕሳባት ባንክ ከፊቶም ይቐጽል እምበር፣ ኣብ መጨረሽታ ግን ኩሉ ዝተኣከበ ገንዘብ ብሓባር ክምእከል ኣብ ምክፍፋል ናይቲ ውጽኢት ኣድማዒ ግደ ክህልዎ ከም ዝኽእል፣

3. ኣብቲ እዘን ናይ ኮቪድ ፕሮጀክትታት ከፊተን ዝሰርሓ ዘለዋ ማሕበራት ኣብ ዝገብርኦ ናይ ሓባር ምምኽኻር ካባና ዝድለ ኣስተዋጽኦ እንተልዩ እውን ብንዕኡ እትነጥፍ መዚዝናያ ዘሎና ሽማግለ ኣቢልና ክንገብሮ ድሉዋት ምዃንና፤

4. ኣብ ዝተኣከበ ሓገዛት ምክፍፋል ብዘርኢ ጉዳይ'ውን፣ ንውሽጢ ሃገርና ምስ ዝኸዉን ብነገራዊ/ዓይነታዊ ኮይኑ፣ ብቕድሚ ሕጂ ምስኩር ተራ ዘለዎም ኣህጉራዊ ወይ ሰብኣዊ ትካላት ኣቢሉ ክበጽሕ ዝኽእል ክኸውን ከም ዘለዎ፣

5. እቲ ብምትእምማን ንህዝብና ክበጽሖም ይኽእል'ዩ እንብሎ ሓገዛት፣ ኣብ ደገ ማለት ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዉ ስደተኛታት ምዃኑን፣ ኣብ ኣተዓዳድልኡ ከኣ ዘይስሩዕ ብተናጸል ንውልቀ ማሕበራት ዘይኮነ ብሃገራትን፣ ኩለን እተን ዝሕግዛ ፍሉጣት ማሕበራት እውን ብመጽናዕቲ ኣለሊኻ ክኸውን፣

ርኢና ምህላውና ንኩሉ ህዝብናን፣ መሰረታት ፖለቲካዊ ሓይልታትን ንፍትሕን ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ኣካላትን ከነፍልጥ እንኮለና፣ ነዞም ተበግሶ ወሲዶም ብንጥፈት ዝሰርሑ ዘለዉ ማሕበራትናን፣ ዜጋታትናን ከኣ ብምምስጋን ዕዉት ጎስጓስ ክኾነሎም ጽቡቕ ምንዮትና ንገልጽ።

ኣምላኽ ንህዝባናን ዓለምናን ካብ ለበዳ ኮረና ይሓልወና!

ዓወት ንወፍሪ ወፈያ ኮቪድ ፕሮጀክት፣

*ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ*
*ምያዝያ 14, 2020*